## 133 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሲቺልያ፡ ዓዲ ጣልያን ኣትዮም፤
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ መንግስቲ ጣልያን ናብ ሊብያ ከይመልሶም ተማሕጺኑ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**24.09.2009**

ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ፡ 133 ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቑባ ኣብ ደቡብ ዓዲ ጣልያን ከምዝኣተዉ፡ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ክዛረቡሎም ጸኒሖም። ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር፡ ነቶም ስደተኛታት፡ ኣብ ደቡብ ዓዲ ጣልያን ኣብ እትርከብ ፖርትፖሎ እተባህለት ውድብ ምውሳዶም ኣሻቓሊ'ዩ ነይሩ።

ቅድሚ ገለ ሳምንታት ውን፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ኣህጕራውያን መራኽብን ናይ ሓለዋ ጀላቡን ነታ ትጥሕል ዝነበረት ኤርትራውያን ዝጸዓነት ጃልባ ክረድእዋ ብዘይ ምድላዮም ልዕሊ 70 ዝኾኑ ኤርትራውያን ከምዝሞቱ ዝዝከር ኢዩ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣብ መንጎ ዓዲ ጥልያንን ሊብያን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኣብ'ዚ ሓጋይ'ዚ ጥራሕ መንግስቲ ጣልያን በማእት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቑባ ናብ ሊብያ መሊሳ ኢያ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡  ነዚ ካብ ዓዲ ጣልያን ናብ ሊብያ፣ ከምኡ ውን ከምቲ ቅድም ክብል ካብ ሊብያ ድማ ናብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎን ዝግበር ዝነበረን ምብራር ናይ ኤርትራውያን ስደትኛታት ብትሪ ይኹንኖ።

ነዚ ናይ ኤርትራውያን ምምምላስ ካብ ዓዲ ጣልያን ናብ ሊብያ ኣመልኪቱ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሰበ-ስልጣን ዓዲ ጣልያን ዘመሓላለፎ መልእኽቲ እንሆ።

*********

**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)** **حزب الشعب الارتري (ح ش ا)**
**ቤ. ጽ. ኣቦ መንበር** **مكتب الرئيس**

**ERITREAN PEOPLE'S PARTY (EPP)**
**Chairman's Office**

ዕለት፡ 12 መስከረም 2009
ኣርእስቲ፡ ኣውያት ብጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት

ክቡር ኣቶ ሲልቭዮ በርሉስኮኒ
ቀዳማይ ሚኒስተር ዓዲ ጣልያን

ቅዳሕ፡ ንላዕለዎት ሰበ-ስልጣንን ትካላት መንግስትን ዓዲ ጣልያን
ክቡር ቀዳማይ ሚኒስትር ሲልቭዮ በርሉስኮኒ፣

ኣነ፡ ስመይ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ሰብ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ኣብ ስደት ዝርከብ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝቃወም፡ ኣብ ዓዲ ጣልያንን ካልኦት ሃገራትን ብዙሓት ኣባላት ዘለውዎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኰይነ፣ ንኣባላት ሰልፈይን ካልኦት ኤርትራውያንን ወኪለ፡ መንግስቲ ጣልያን፡ ኣንጻር'ቶም ሓደጋታት ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ተሳጊሮም ኣብ ክሊ ማያት ዓዲ ጣልያን ዝበጽሑ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቑባ ክትክተሎ ዝጀንሐት ፖሊሲ ዳግማይ ርእይቶ ክትገብረሉ ናባኹምን ናብ

ላዕለዋት ኣካላት መንግስትኹምን ምሕጽንታይ ኣቕርብ ኣለኹ። ካብ ሓደ ኣዝዩ ጨካን ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣምሊጦም ይመጹ ምህላዎም ከኣ ኣዐሪኹም ትፈልጡ ኢኹም።

ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር

እታ ካብ 1890 ኣትሒዛ ምሳና ምትእስሳር ዝጸናሕና ዘመናዊት ዓዲ ጣልያን፡ ኤርትራውያን ረዲኤት ኣብ ዝደልይሉ እዋን፡ ኢዳ ከተሕጽር'ያ ዝብል እምነት ይኹን ተረድኦ ኣይነበረናን። እዚ መንግስትኹም ምስ መንግስቲ ሊብያ ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ፡ ሕድገት ዘይግበረሉ ታሪኻዊ ጌጋ ምዃኑ ፈሊጥኩም፡ ንምእራሙ ህጹጽ ስጉምቲ ክትወስዱ እምሕጸነኩም።

ሊብያ ዝፈረመትሉ ዝኾነ ይኹን ናይ ስደተኛታት ውዕል ስለዘይብላ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሊብያ ክባረሩ፣ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ሊብያ ክሳቐዩን ካብኡ ድማ ናብ ኤርትራ ክስጎጉን ኣይግባእን። እዚ ከኣ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ህዩማን ራይትስ ዎችን ካልኦት ኣህጉራውን ዞባውን ሰብኣውያን ማሕበራት ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

ኤርትራውያን፡ እንተውሓደ ኣብ ሰብኣዊ ርህራሄ እተመርኰሰ ህጹጽ ስጉምቲ ክትወስዱ ይጽበይኹም ኣለዉ።

ምስ ሰናይ ትምኒት



:

**ወልደሱስ ዓማር**

Mainzer Landstr. 302
60326 Frankfurt, Germany
Tel: +49 69 2424 8583
Tel: Geneva, +41227881386

woldeammar @aol.com
wammar2003@yahoo.com